**ከይንጠላለም ዝመሓልና።**

ማሕላ ኣሎና ማሕላ ናይ ሕልና፤

ዝኣተናዮ ብሂወት ከለዉ ስውኣትና፣

እወ ብሂወት ከለዋ ጀጋኑ ኣሓትና፣

ዘይሕከኽ ዘይድምሰስ ካብ ሓንጎልና፣

ድቃስ ዝኸልእ ኣብ ዝኸድና ኬድና።

ሃገር ከብል ሂወቱ ዝኸፈለ፣

ኣሰር ሽዳኡ ብሓመድ እንተተኸወለ፣

ኣዕጽምቱ ኣሎ ኣብ ጎቦ ጎልጎል ደንከለ፣

ይጭርሕ ዓወት ንሓፋሽ እናበለ፣

መብጽዓ ኣይትረስዑ ይብል እናደዋወለ።

እወ ማሕላ ኣሎና ዕዳ ናይ ሕልና፣

ምስታ ሂወታ ዘይበቐቐት ዕሽል ሃብትና፣

ከንሕብሕብ ስድራ ቤት ስዉኣትና፣

ደቂ እቶም ውፉያት ዝሓለፉ ምእንቲ ህላወና፣

እንትርፎ ብፈንፈስ ብዓይኒ ኣይንረኣኤን ኢና።

እቶም ኣብ ሳሊና ኣብ ጨው ዝሰጠሙ፣

ኣብ ግራር ምስ ታንክታት ዝገጠሙ፣

ስጋለት ቀጣን ከሰግሩ ብመድፍዕ ዝተሃርሙ፣

ብባሕሪ ተዋጊኦም ዓለም ዘስደመሙ፣

ኣዕጽምቶም ኣሎ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ሰጢሙ።

ኣብ ሳሕል ዝወደቁ ኩሎም ሰማእታት ኤርትራ፣

ኣብ ባርካ ዝተሰዉኡ ተጋደልቲ ሰውራ፣

ኣብ ሰራየ ዝኸፈሉ ሂወቶም ነዛ ባንደራ፣

እተን ዓሳከር ደርጊ ዝማረኻ ኣብ መንደፈራ፣

ከይህሉዉ ደቆም ደቀን ዝሳኣኑ እንጀራ።

ኣብ ሓማሲየን ኣሎ ጅግና ሃገር እናለ ዝወደቐ፣

ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሰንበል ማሪያም ግቢ ዝሓቐቐ፣

ነዛ ሓንቲ ዘይትምለስ ሂወቱ ኬይበቐቐ፣

ኣዕጽምቱ ይምስክር ብደም ጨቂዩ ዝተነድቀ፣

ስሙ ይነብር ንዘልኣለም እናደመቐ።

ኣኽራናት ሰንሒት እስከ መስክሩ፣

ውዕሎ ተጋደልቲ ከመይ'ዩ ኔሩ፣

ሰብ ኮይኑ ጥይት ምሱሑ መድፍዕ ድራሩ፣

ኣብ ዝባንኩም ክንደይ ቡምባታት ተፈንጂሩ፣

ኣብ ከርሱኩም ኣሎ ዘይጠፍእ ታሪኽ ንሓዋሩ።

ኣብ ኣከለጉዛይ ኲፉእ ሪኢና፣

ሰራዊት ወያኔ ከመጽ መሲሉ ዶሮና፣

ከይሞተ ከሎ ገሊጽና ሓዘንና፣

ከም ቐጽሊ ረጊፉ ዘይቡሉ ዋና፣

ክሳብ መራሕቱ ዝብልዎ ኣይኮነን ሬሳና።

እንተኮነ ንሕና'ውን ከፊልና እጃምና፣

እንፈትዎም ቀያሕቲ ኣሓት ኣሕዋትና፣

እንታይ ክንገብር ቀናእ ካብ ኮነ ጎረበትና፣

እንትርፎ ምጉባጥ ዘይፎቱ ጽቡቅ ዝምድና፣

ህልቂት ህዝቡ ዘይግድሶ ጨካን ደመኛ።

ሃየ ሓደራ ጎቦ እምባሴራ ሓልዎ ዶባትና፣

ቀሲና ንሓድር ንዓኻ ኣሚንና፣

ጸላኢ ምስትርኢ ሃሎው በሎም ምክልኻል ሓይልና፣

ድሉዋት ውፉያት ምእንቲ ሃገርና፣

ኣምላኽ ምስኦም ይኹን ጸሎት ናይ ኩልና።

ኲናት ሕሱም ብጾት ዝፈላሊ፣

ንገለ ሞት ትቐጽዖ ይበሃል ኔሩ ትማሊ፣

ንገለ ዓይኑ ተንቁር ብርሃን ካብ ጸልማት ኸይፈሊ፣

ገለውን መሓውሩ ተጠዋዊዩ ከም ጎባጥ ሓኽሊ፣

እስከጆታት ኣብ ነብሱ ሰፈሩ ጅማውቲ ኣሳሪ፣
ኣካላቱ ተበሳሲው መዓናጡ ተቖጺሩ ክም ፈትሊ፣
እዝስ ኣይኮነንዶ ግሁድ መርያ ሃገራዊ ፍቕሪ።

ዕድል ዝነበሮም ከማና ጡዑም ክድረሩ፣
ምስ ስድራ ቤቶም ማሙቕም ክሓድሩ፣
ጉቡኦም ፈጺሞም ትሕቲ መሬት ዝሰፈሩ፣
ፈጺሞም ዘይምለሱ ንዘንትእለት ንሓዋሩ፣
ሓላፍነትና እዩ ስድራ ቤቶም ጸጊቦም ክሓድሩ።

እዚ ካብ ኮነ ታሪክ ብሓጺሩ፣
ታሪክ እቶም ጀጋኑ ጥይት ዝተደሩ፣
ኣብ መዕረፊኦም ቀሲኖም መታን ክነብሩ፣
ጉቡእና ንግበር ደቖም ክመሃሩ፣
ንዓና'ውን ዕግበት'ዩ ሕልናና ዘዕርፈሉ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።